The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ · Education ትምህርቲ · Opportunity ዕድል · Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

**24/03/2011**

# 12 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ረፋድ ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም!!

12 ኤርትራውያን ስደተኛታተ ካብ 3-10 ኣዋርሕ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ 24 መጋቢት 2011፡ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም። ካብዞም ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 11ተ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ ክኾኑ ከለዉ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትርከቦም።

ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተውሉ ሰዓት፡ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ፡ ድሙቕ ኣቀባብላን ቀዳማይ ረዲኤትን ድሕሪ ምሃብ፡ ናብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከብሉ መዕረፊ ቦታ ኣፋንይዎም።

ኣብ ግብጺ ዝተፈጥረ ነውጺ ኣብዚ እዋን'ዚ ብተዛማዲ ሃዲኡ ይርከብ። ክሳብ ሎሚ ድማ 2ተ ዙር ኣዲስ ኣበባ ብሰላም ምእታዎም ይፍለጥ። 12 ስደተኛታት ዝሓቖፈት 3ይ ዙር ድማ ሎሚ ዕለት ብሰላም ኣትዮም። እዞም ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ ስደተኛታት ኣብ ግዜ ዕግርግር ካብ ቤት ማእሰርቲ ሃዲሞም፡ ብኣጋጣሚ ዳግማይ ተታሒዞም ናብ ቤት ማእሰርቲ ተመሊሶም ዝተኣሰሩ እዮም።

ድሕሪ ዕግርግር ኣብ ግብጺ ድማ ምስዞም ሎሚ ረፋድ ዝኣተው፡ ክሳብ ሎሚ ዕለት 40 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሰላም ኣብ ኢትዮጵያ ተዓቊቦም ይርከቡ።

ምስሊ፡ ናይ ሎሚ ረፋድ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ካብ ዝኣተዉ የሕዋት ስደተኛታት ብኸፊል!!



